American Red Cross | Reconnecting Families

## ብዛዕባ ምእካብን ኣጠቓቕማ ብሕታዊ ሓበሬታ ዚገልጽ ምልክታ

**ንሰራሕተኛታት ዚወሃብ መምርሒ፦ እዚ ሰነድ እዚ ቀይሕ መስቀል ኣመሪካ ኻብቶም ዝጠፍአ ዘመዶም ንምርካብ ሓገዝ ዚደልዩ ሰባት ዚእከቦ ሓበሬታ ኽምኡውን ነዚ ሓበሬታ እዚ ብኸመይ ከም እንጥቀመሉ ይገልጽ ።**

ቀይሕ መስቀል ኣመሪካ ምስ ካልኦት ኣባላት ኣህጉራዊ ቐይሕ መስቀል ከምኡውን ምንቅስቓስ ቀይሕ ወቕቲ ኹይኑ ጽሕፍቶን ኣበይ ከም ዘለዉን ንምንጻር ከምኡውን ኣብ መንጎ እተን ብሰንኪ ናይ ዕጥቒ ግጭት፣ ስደተን ባህርያዊ ዕንወትን እተፈላለዩ ስድራቤታት ዘሎ ርክብ ንምምላስን ንምዕቃብን ይዓዪ ኣሎ።

ዘመድካ ንኽትረክብ ምእንቲ ኺሕግዘካ ቀይሕ መስቀል ኣመሪካ ብዛዕባኻን ብዛዕባ እቲ እትደልዮ ዘለኻ ዘመድካን ሓበሬታ ኺእክብን ኪጥቀምን ኣለዎ። ነቲ ሓበሬታ ብኸመይ ከም እንጥቀመሉን ከም እነካፍሎን ክገልጸልካ ፍቓድካ ንምርካብ ከኣ ገለ ሕቶታት ክሓትተካ ኢየ። እዚ ሓበሬታ እዚ ኣብ መርበብና ሓበሬታ እውን ይርከብ እዩ፦ [www.redcross.org/familylinks](http://www.redcross.org/familylinks).

ሓበሬታኻ እንተላይ ብሕታዊ ሓበሬታኻን ብሕታዊ ሓበሬታ እቲ እትደልዮ ዘመድካን ነቶም ዘመድካ ኣብ ምንዳይ ኪሕግዙኻ ዚኽእሉ ኻልኦት ትካላት ከነካፍሎም ኣሎና። ብፍላይ ነዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ኽነካፍሎ የድልየና ይኸውን፦

- ካልኦት ኣባላት ምንቅስቓስ ቀይሕ መስቀል/ቀይሕ ወቅቲ ብፍላይ ኣብ ሃገርካ መበቈል ወይ መንበሪ ዘለዉ ማሕበረሰብ ኣይሲኣርሲ ከምኡውን ቀይሕ መስቀል/ቀይሕ ወቕቲ ከምኡውን ኣብ መበቈል ወይ መንበሪ ሃገር ዘመድካ ዘሎ ሃገራዊ ማህበረሰብ
- ከም ኣለም ለኻዊ ውድብ ስደተኛታትን (ኣይኦኤም)ን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ዝኣመሰላ ኻልኦት ኣህጉራውያን ውድባት፤
- ከምተን ኣብ ማሕበረሰብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዚህባ ትካላት ዝኣመሰላ ኻልኦት ኣብቲ ኸባቢ ዚርከባ ውድባት፤
- ሰበ-ስልጣን መንግስቲ፣ ከምኡውን
- መንግስታዊ ዘይኮና ዕጡቓት ጒጅለታት።

ብዘይካዚ ንሕና (ወይ ኣብ ምንዳይ እትሕግዝ ዘላ ውድብ) ነቲ ሓበሬታ ንኻልኦት ክንነግሮምን ኣብ ከም ፖስተራት፣ መርበባት ሓበሬታ ወይ ብዛዕባ ዝጠፍኡ ሰባት ዚገልጽ ህዝባዊ ምልክታታት ክንሓትምን የድልየና ይኸውን።

ነቲ እትህበና ሓበሬታ ዝጠፍኡ ሰባት ጽሕፍቶን ኣበይ ከም ዘለዉን ንምንጻር ክንጥቀመሉ ኢና። ምስ ምክፋል ሓበሬታ ዚተሓሓዝ ዝኾነ ይኹን ሕጋዊ ብቕዓት እውን ከነማልእ ኢና።

ብዛዕባ ጒዳይካ ወይ ብሕታዊ ሓበሬታኻ ሕቶ ወይ ሻቕሎት እንተ ኣልዩካ በጃኻ ምስ ቀይሕ መስቀል ኣመሪካ [ቊጽሪ ተሌፎን፣ ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት፣ ኣድራሻ ኢ-መይል] ተራኸብ።

Red Cross Contact information

Phone Number:

Office Address:

Email Address: